# ነጻነቱ ብደሙ ኣረጋጊጹ ሓርነት ዝሓርበቶ ህዝቢ

መበል 24 ክፋል
ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
በርሀ ዑቑባዝጊ ሃገር ጀርመን

ንመን ኢኻ ኣለም ኀይትኣም ተጠንቀቆ
ወናኒ መስከረም ናይ ዲክታቶር ጥቢቆ
ንደንበ ስመር ከጸልም ዘምህረት ዶላራት ዘሕቆፎ።

ኤረትራዊ ወደባት የኽፍኣሉዶ
እንተበለ ሓማስየናይየ
እንተበለ ኣኮለጉዘታየ
እንተበለ ሰረወትይየ
እንተበለ ሰንሒተታየ
እንተበለ ባርከታየ
እንተበለ ሰምሃረታየ
እንተበለ ሳሕለታይየ
እንተበለ ደንከለታይየ
ወዲ ጀነራል ንገረና እስከ ምኗንካ እንታዋይ።

መን እዩ ጸረ ደቀባት ኣዋፊሩካ
መን ንዓመት 70 ሽሕ ዶላር ቆጺሩካ
ዘምህረት ዶ ኢሰያስ ዓሲቦምኻ
ኣብ ፕልቶክ ጽንክትብል ትሓድር ዘለኻ
ትደግም እቲ ናይ ሜዳ ተግባራትካ
ተሰኒዱ ኣሎ ሑሉፍ ታሪኽካ
ዝረሳዕናዮ ከይመስለካ ካብ ቀደምካ
ምስ ሉኡኽ ኣስራተ ካሳ ምስ ዝወገንካ
ምስሉ እዩ ጥፍኣትካ
ጸረ ደለይቲ ለውጢ ካብ ዓጠቕካ።

ሓደ ካብቶም መንሽሮ ናይ ሜዳ
ኣብ ዝባንካ ኣሎ ሰፍ ዘይብል ዕዳ
ወዲ ጀነራል ዑሱብ ናይ ጃንዳ
ዋህዮ ናይ ኢሰያስ በላዒ ኣድራጋ።

ወናኒ መስከረም ከም ፍታሄ ደመጥሮስ ናይ ህዝብና ምንሽሮ
ኣይመሰሎምን መንእሰይ ንስርዓት ኢሰያስ ፎ ከምዝበሎ
ብደገን ብውሽጥን ሓሪኑ ንጃንዳ ህግደፍ ከነቅሎ።
ሎሚ ዓመት በሎ በሎ እዩ ዝባሃል ዘሎ

ጊላ ናይ ዲክታቶር ኣገልጋሊ
ደድሕሪ ምጽነቲ ህዝቢ ሃላሊ
ጀሚሩ ድማ ኣውራጃታት ክፈላሊ
ምስ ጃንዳ ክትድሰቕ ኢኻ ብሓኽሊ
ህዝባዊ ሓለንጊ ኣሎ ፈታውን ጸላኢን ዘለሊ።

እታ ድጉልቲ ሓዊ ትብል ዘላ ፈኸም
ናብ ሃልሃልታ ተቐይራ ክትልብልቦም
ንጃንዳ ናይ ደገን ውሽጥን ንኹልኹም
ደም መንእሰያትና ኣሎ ኣብ ዝባኖም
ቀሪቦም እዮም ክቅበሉ ፍርዶም።

ንሕምቶ ዶ ሕቶ
ተላዒሉዩ ዓቢ ምስ ንእሽቶ
ተቃዋማይ ሰሚሩዩ ጽላእ ፍቶ
ዓቕሊጽበትዩ ውልዕ ጥፍእ ከም ሓዊ ለይቶ
ንኢሰያስ ኣርዒድዎ ኣብ ኣዋሳ ዝተተኸለ ባይቶ
ተዛትዩ ወደባት ክፈትሖ ናይ ህዝብና ሕቶ።

ጭርሖ ለብዘበን
ስመርዩ ዝባሃል ዘሎ ጸረ ዕንቅርቢት ተመን
ንዘረግቲ ሓድነትና ቦታ የለን
ሓቢርና ንበል ኢሰያስ ወካሊና ኣይኮነን።

ኣቲ ምስ መጽነት ዓደቦኺ ተሻርዊ
ንህዝብና ከጽንት ዝኣጉድ ሓዊ
ንመራሒ ማፍያ ንመንእሰያትና ዝጭዊ
ዝሸይጥ ብዶላራት ናውቲ ኤረትራዊ
ካብ ተሓቢእኪ ትቅንዘዊ
ፎእ በልዮ ንኢሰያስ ሓሳዊ።

ጃንዳን ሳዓብቶምን ንህዝብና
ተጣናኒጎሞ  ከም ቆንጠጠፈ
ደቂ ኤረይ ንጽረጎም ብዝቀልጠፈ
ያኣኽለና እቲ ዝሓለፈ
ድቃስ የሎን ኢሰያስ ምስ ጃንድኡ ክይተዃሕፈ።

ዑሱባት ጃንዳ ዝበሉ እንተበሉ
ቃልስና ቀጻሊዩ ክሳብ ጭፍራ ዝባረሩ
መንእሰይ ሰሚሩዩ ሓቢሩ
ንህግደፍ ናብ ህዝቢ ከረክቦም ኣሲሩ።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊት ለምለም
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን